# ሰንበት ዘፍሬ

መስከረም 9- 2008 ዓ.ም. (9/20/2015)

## አብ ሕይወት ንኢየሱስ ኣለሎኻ ምኽኣል!

መዝሙር፡ እኩት ኣንተ ወስቡሕ ስምከ ወዓቢይ ኀይልከ. . . ።

ንባባት፡ ፊሊጲ. 1፡20-27፥ ያዕ. 2-፡14--18፥ ግ.ሓ.19፡21-ፍ፥ ማር 8:27-35.

ምስባክ፡ምድርኒ ወሃበት ፍሬሃ፥ ወይባርከነ እግዚአብሔር አምላክነ፥ ወይባርከነ እግኢአብሔር። "ምድሪ ፍሬኣ ትህብ፥ እግዚአብሔር ኣምላኽና ይባርኸና፥ እግዚአብሔር ክባርኸና እዩ"። መዝ. 85፡12።

መዝሙር፡ "ኦ ጎይታይ ንፍሬ ምድርኻ ባርኽ ብኽረምቲ ብበረኸትካ እትኸፍት ጎይታ ከማኻ ዝበለ ጻድቕን መሓርን መን ኣሎ? እታ ጠምያ ነራ ዝጸገበት ነፍሲ ካብ ሞት ድኂና ትባርኽካ ኣላ፥ ኣብ ሰማይ እትቕመጥን ብትሑታት እትባረኽን ምስጉን ንስኻ ኢኻ። ስምካ ንኡድ ክእለትካ ድማ ዓቢይ እዩ። ንስኻ ኢኻ ንሰንበት ዕረፍቲ ገርካ ዝሰራዕካን ንኹሉ ዘዝግብኦ ምግቢ ዝሃብካዮን"።

ካብ 9-15 መከረም ዘሎ ዘመነ ፍሬ ይብሃል። እዋኑ መሬት ፍሪኣ እትህበሉ ሓረስታይ ፍረ ጻምኡ ዝርእየሉ መስቀል በሪቑ ኣዕዋፍ ድምጻን ዘስምዓሉ ጠለበግዕን ከብትን ብዝያዳ ዝሕጎሳሉን ዝሰብሓሉ እሞ ዋንኣን በረኸተን ዝርእየሉ ፍሉይ እዋን እዩ። እቶም ኣብ ሃገረሰብ ዝዓበና ብፍላይ ከም እንፈልጦ እዋናቱ ሰብ ኣብ ስራሕ ተዋሒጡ ዝረከበሉ ኹሉ ዝወፍረሉ እዋን እዩ። ነዚ ምስ መንፈሳዊ ሕይወትና ክነተሓሕዞ ከሎና ኣምላኽ ኣብዚ ሓዱስ ዓመት ኣብ እንጅምረሉ ዘሎና እዋን ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክህልዎ ዘለዎ ጻዕርን ፍረን ርኢና ክንዓብን ክንሕደስን እሞ ንሓዱስ ጉዕዞ ሕይወት ክንጅምር ዘበግሰና እዋን እዩ።

ኣምላኽ ኣብ ግራቱ ክንወፍር እሞ ፍረ ክነፍሪ እዩ ዝደሊ፥ ፍረ ግን ብዘይ ጻዕርን ድኻምን ኣይመጽእን እዩ ኣፍረይቲ ክነከውን ንኹሎም ከይነፍሪ ዝዓግቱና ነገራት ክንኣልዮም ኣሎና። ንርክብና ምስ ኣምላኽን ሰብን ዘምክኑ ተግባራት ኣሊና ኣብ ሰናይ ግብሪ ክንወፍር እሞ ገለና ሰላሳ፥ ስሳ፥ ሚእቲ ክነፍሪ እዩ ድላይ ኣምላኽና።

ኣብዚ እዋን ብፍሉይ ክነስተንትኖ ዝድለ ንድላይ ኣምላኽ ርኢና ክንክእል፥ ኣምላኽ ካባይ እንታይ ይደሊ ከም ኣቦ፥ ኣደ፥ ውሉድ እንታይ ክገብር ክኸውን ይደልየኒ እናበልና ንርእስና ክንሓትት።

ኣብ ካልኣይቲ ንባብና ኣብ መልእክቲ ያዕቆብ ሓዋርያ ንነፍሲወከፍና ዝምልከት ወጣሪ ዝኾነ ብድሆ ተግባራውያን ክርስትያን ኮና ክነብር ዝሕግዝ ቃል የስምዓና። ከም ክርስቶስ መምህርና ንድላይ ኣምላኽ ጽን ኢልና እንሰምዕ ክንከውን እንከሎና እዩ ብዝያዳ ኹሉ ክበርሃልና ዝኽእል። ቅ. ያዕቆብ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ሕቶ "ሓቀኛ ክርስትያን ማለት እንታይ ማለት እዩ? ያዕቆብ ከም ዘዘኻኽሮ "እምነት ምግባር እንተ ዘይብላስ ንርእሳ ምውቲ እያ" (2፡17)። ነዚ ክስተንትን እንከሎኹ ናይ Jenifer Lopez ዝተባህለት ኣብ ኽንዲ ዝሓመሙ ሕፃናት ክትገልጽ እንከላ ኣብ ዝበለቶ "ተኣምራታት ብቐሊል ኣይመጽኡን እዮም. . . . ብድሕሪ ዝኾነ ተኣምራት ርሕሩሕን ኣፍቃርን ልቢ ኣሎ" ትብል። እዚ

ርሕርሑን ፈቃርን ልቢ ናይ ሓደ ተግባራዊ እምነትን ግብሪ ዘለዎ ሰብ እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ንርእስናን ንኻልኦትን ተኣምራት ክገብር ጸሎትና ይደሊ፥ እምነትናን ኣብ ግብሪ እንገብሮ ነገራትን ክርኢ ይደሊ። ክርስቶስ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ብግብሪ ኣርእዩና። ጸልዩን ንገዛእ ርእሱ ኣብ ዕፀ መስቀል ሕይወቱ ብምሃብ ገሊጹልና። እዚ ኣብ ግብሪ ዝተራእየ ሓቀኛ ፍቕሪ ኣምላኽ ኵልና ኣመንቲ ክንገብሮ ዘሎና እዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ማርቆስ ዝተነበ ኢየሱስ ኣብ ሕይወትና መን ምዃኑ ክንፈልጦን ክነለልዮን ይደልየና። ንሓዋርያት ንስኹምከ መን ትብሉኒ ክብል እንከሎ ነፍስወከፎም ኣፍልጦኡን ኣብዚ ዓለም እንታይ ከምዘምጽኦን ክፈልጡ ስለ ዝደለየ እዩ። ጴጥሮስ ክንዲ ኵሎም ኮይኑ "ንስኻ ክርስቶስ ኢኻ" ኢልዎ። እዚ ብጸጋ ኣምላኽ ዝመለሶ እዩ። ንኢየሱስ ክንፈልጥ ጸጋ ኣምላኽ ክንዕደል የድልየና። ሎሚ ኣበይ ክነለልዮ ይደልየና ኣሎ?

1. ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና። ግብርና ኣተሓሳስባና ከምኡ ርክባትና ኣብ ክርስቶስ ዘሎና ርክብ ዝገልጽ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ሕይወትና እንተ ርእና ብዙሕ ጊዜ ናትና ክእለትን ዘሎና ዓቕምን ከምኡ ብዛዕባ ርእስና ክነርኢ ክነፍልጥ ኢና እንደሊ ሓቀኛ ክርስትያን ግን ተኸታሊ ክርስቶስ ምዃኑን እዩ ክገልጽ ዝደሊ ስለዚ ሰባት ኣባይ ንመን ይርእዩ ክንብል ግቡእ እዩ።

2. ኣብ ርክባትና፡ ከም ክርስትያን ኣብ ሕይወትና ኣብ መንጎና ዘሎ መለለዪ ፍቕሪ ኣምላኽና እንተ ኾነ ብዙሓት ኣባና ክርስቶስ ክርአ ይክእል። ናይ ክርስቶስ ምዃና ኣብቲ ኣብ ዕለታዊ ምስ ሰባት ዘሎና ርክብ ክግለጽ ይግባእ። ፍቕሪ ሰላም ምትሕልላይን ክነርኢ እንተ ኸኣልና ንክርስቶስ ፈሊጢናዮን ኣፍሊጥናዮን ኣሎና ማለት እዩ።

3. ኣብ ኵሉ ዝጓነፈና ፈተና። ኣብ ዓለም ምልእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ገለ እዋን ብጽቡቕ ነገራት ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ዝጓነፉና ኣብ ገለ እዋን እውን ኣብ ከቢድ ግላውን ማሕበራውን ጸገማት ኣለሊና ክንርኢ እሞ ምስ ኣምላኽ ዝያዳ ከም እንራኸብ ክገብረና እንገብር እንተ ኾና ኣባና ክርስቶስ ኣሎ ማለት እዩ። ስለምንታይ እዚ ወሪዱኒ ወይ ትጓኒፉኒ ዘይኮነ ሕቶና ኣምላኽ ካብዚ ወሪዱ ዘሎ እንታይ ክብለኒ ይደሊ ኣሎ ክንብል እንተ ኸኣልና ክነለልዮ ኣይ ከጸግመናን እዩ።

ኢየሱስ ድለት ሰማያዊ ኣብኡ ስለ ዘለለየ ኣባና ዘልኦ ፍቕሪ ኽገልጽ ኣብ ግብሪ ኣርእዩና። ከምቲ ኣብ ኢሳያስ ነብይ ብዛዕባ እቲ ዝሳቐ ኣገልጋሊ ዝብል እቲ ቀንዲ ዓላማ ንደቂ ሰብ ብሕማማቱን ስቓያቱን ምድኃን እዩ። ጴጥሮስ እዚ ኣይተረድኦን ኣብ ጊዜና እውን እዚ ኣተሓሳስባ ከመይ ኢሉ ናይ ኣምላኽ ሰብን መንፈሳውን ኣብ ኣብ ሕይወቱ ንድላይ ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ዘርኢ ከመይ ኢሉ እዚ ይወርዶ ይገጥሞ ክንብል ባህርያዊ እዩ። ኢየሱስ "ኣታ ሰይጣን ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ ኺድ ካባይ ርሓቕ" ክብሎ እንከሎ ሰይጣን ኢኻ ማለቱ ኣይኮነን። ንሱ ነቲ ዝተዛረቦ ቃል እዩ ገኒሕዎ።

ጴጥሮስ ቅድሚ ቍሩብ ደቓይቕ ብመንፈ ቅዱስ ተመሪሑ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾነ ተዛሪቡ። ድሕሪ ገለ ድቓይቕ ከኣ ብሰይጣን ንድላይ ኣምላኽ ክቃወም ተራእዩ። እዚ ብኽልተ ምኽንያት እዩ ኮይኑ፡ 1. ጴጥሮስ ኢየሱስ ክሳብ ክንድዚ ክዋረድ ክትሕት ብደቂ ሰባት ክቕተል ክኣምኖ ኣይከኣለን። 2. ጴጥሮስ እዚ ነገራት ኣብ ኢየሱስ እንተ ወረደ ኣብ ልዕሊኡ ዝመጽእ ክሳራ ስለ ዝፈለጠ እዩ። ምናልባት

ስልጣኑ ኣብዚ ምድራዊ ንግስነት እቲ ክርስቶስ ከቑሞ ዘለዎ ይስእን ይኸውን። በዚ ምኽንያት ክርስቶስ ብዛዕባ ሕማማትን ሞትን ክዛረብ ኣይደለዮን። ምናልባት እዚ ክብል እንከሎ ኣንጻር ድላይ ኣምላኽ ይዛረብ ከምዘሎ ኣይተረድኦን ይኸውን።

ከም ኩልና ሎሚ ጴጥሮስ ኢየሱስ መን ምዃኑ ይፈልጥ ነሩ እዩ እንተ ኾነ ነቲ ዝወርድ ነገራት ሓቂ ግን ክቕበል ኣይደልን። ኣኽሊል ክብሪ ክቕበል ይደሊ እንተ ኾነ ቅድሚኡ ዝመጽእ መስቀል ክቕበል ኣይደልን። ከም ጴጥሮስ ኣብ ሕይወት ዝጓነፍ ጸገማት ክንቅበል ወይ ክንሰምዕ ኣይንደልን ኢና። ብኣንጻሩ ክነጽጎምን ከምዘየለዉ ኮና ክንካየድ ኢና እንደሊ። እንደልዮ ኣብ ሕይወት ዝኾነ ጸገም ከይወርደና ክንርኢ ክንሰምዕ ኣይንደልን ኢና። ካብ መስቀልና ክንሃድም ንደሊ ንኢየሱስ ከኣ ክንስዕቦ ንደሊ እንተ ኾነ ክልቲኡ ተገራጫዊ እዩ። ንኣምላኽ ክነጠፋፍኦ ኣይክኣልን። ሓቀኛታት ክርስትያን ኣብ ግብሪ እምነቶም ዝነብርዎን ዝገብርዎን ክንከውን እዩ ዘሎና። እዚ ማለት ከኣ መስቀልና ብትሕትናን ትዕግስትን ጾርና ዕለት ዕለት ኣብቲ ንክርስቶስ ዝሓገዘ ጸጋ እምነት ገርና ክንስዕቦ እዩ መጸዋዕታና።

ክርስቶስ መስቀል ጸይሩ ኣብኡ መይቱ ሓቀኛ ፍቕሪ፥ ሕያውነት፥ ልግስናን እምነትን ኣብ ግብሪ ኣርእዩና። ስለዚ ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ክንገብር ይደልየና። በዚ ምኽንያት እዩ ሎሚ ከምዚ እናበለ ዝዛረበና ኣሎ "እቲ ደድኅረይ ኪስዕብ ዝደሊ ገዛእ ርእሱ ይመንን፥ መስቀሉ ኣልዒሉ ኸኣ ይስዓበኒ፥ እቲ ንሕይወቱ ከድሕና ዝደሊ ኸጥፍኣ እዩ። እቲ ንሕይወቱ ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን ዜጥፍኣ ግና ኼድኅና እዩ" (ማር 8፡ 34-37)። እቲ ዘሓጉስ ነገር እንተሎ ናይ ነፍስወከፍና መሳቕል ንዘለዓለም ነባሪ ኣይ ኮነን እንተ ተዓገስናን ምስ ክርስቶስ እንተ ጾርናዮን ብዓወት ክዛዘም እዩ፥ ግዝያውን ሓካፋይን እዩ።

ክርስቶስ ሕይወት ስዓብቱ ከመይ ክኸውን ከምዝኾነ ነቲ ህዝብን ንኣርድእቱን ገሊጹ እዩ ነጊሩ። ክስዕበኒ ዝደሊ ከምቲ ኣነ ዝተጎዓዝክዎ ተጎዓዙ ዝብል እዩ። ሕይወት ኵልና ከም ዝምስክሮ ዝተፈላለየ መሳቕል ዝመልኦ፥ ጸልማትን ዘሰንብድን ዘይተጸበኻዮ ነገራት ዘጓንፍ እዩ። ሰባት ኣብ ጉዕዞ ሕይወት መስቀል እንተ ቐየርኩ ይሕሸኒ እናበሉ ካልእ ዝፈኾሰ መስቀል ከናድዩ ይርአዩ። ኣብዚ ዘብጽሕ ሓደ ንመስቀልካ ኣለሊኻ ዘይምኽኣል ምስጢርን መስቀልካ ዘይ ምርዳእ ንኻልእ ክትመርጽ ይደፍኣካ። ካልኣይ ብዘይ መስቀል ክትሕጎስ ክጥዕመካ ንኣምላኽን ንድለትካን ብሓንሳብ ሒዝካ ክትጉዓዝ ምድላይ እዚ ኸኣ ንርእስኻ ምጥፍፋእ እዩ። ስለዚ ኣብቲ ክርስቶስ ዝብሎ ክነድህብ እሞ ክንሰምዖ ክንትግብሮ ይግብኣና።

ሓደ ካብቲ ኢየሱስ ኣጥቢቑ ዝነግረና "ንርእስና ክንክሕድ" "መስቀሉ ክንጸውር" እዩ፥ እዚ ክብለና እንከሎ እንታይነትና ክንቆጻጸር ንማለት እዩ። ድኽመታትና፥ ስቓይትና፥ ሕማቕ ዕድላትናን ሞትን ከምቲ ክርስቶስ ዝተቐበሎ ክንቅበል። እቶም ንርእሶም ኣብ ከምዚ ሕይወት ኣጥፊኦም ዝነብሩ ብኣምላኽ ክርከብዋ እዮም። ክርከቡ ጥራሕ ኣይኮኑን ኣብ ትሕት ጽላንን ሓልዮት ኣምላኽን ክርከቡ እዮም።

ኢየሱስ ደጋጊሙ ዝብለና ዘሎ ነቲ ብምልኡ ንርእስና ክንቆጻጸር ኢልና እንገብሮ ክንሓድግ እዩ ዝዛረበና ዘሎ። ሕይወት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕተና ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሕይወትና ብኣምላኽ ዝተዋህበ ፍሉይ ህያብ ንሓጺር እዋን ብእምነት ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንመርሕ ዝተዋህበና እዩ። ሓደ ንሕይወቱ ክቆጻጸር ዝኽእል የለን ኩልና መወቲ ድኹማት ተጋገይቲ ኢና። መጠን ንሕይወትና ምሉእ ብምሉእ ክንመልኽን ክንቆጻጸርን ዝፈተናዮ መጠኑ ኣይንዕወትን ኢና። ኣብ ሞት ምሉእ ምቁጽጻር ነጥፍእ፥ ብዙሓት ካብ ተመክሮ ሕይወቶም ንነገራት ብምዕዛብን ብምርኣይን ክቖጻጸሩ ብዘይ ምኽኣሎም ኣብ ኣምላኽ ዝምለሱ ኣለዉ ገለ ኸኣ ካብ ዓቕሞም ምስ ወጸ ኣብዘይተደለ ፈተናን ውድቀትን ይኣትዉ።

ነዚ ኹሉ ክፈትሓልና መልሲ ክህበና ዝኽእል ሓደ ክርስቶስ እዩ፥ ብምሉእ ኣብ ትሕቲኡ ክንከውን ፍቓደኛታት እንተ ኾና ንኹሉ ስምዒትናን ርድኢትናን ሓዲግና ኣብ ናቱ እንተ ተመለስና ሕይወትና ትርጉም ጉዕዞ ሕይወት ክሕዝ ኣይከብደናን እዩ። ኣብቲ ሕይወት ብርእሳ ዝብሃበና እሞ ሓደ መዓልቲ ነታ ዝሃበና ህያብ ኣብኡ ዝወስድ ኣብኡ እንተ ተመለስና ጥራሕ ኢና ንክርስቶስ ክንፈልጦ እንኽእል።

ኢየሱስ እምብአር ሎሚ ንነፍስወከፍና ኣብ ሓቂ ክነብር ዓመትና እንጅምሮ ዘሎና ምስኡ ክንመርሖ ኣብ ጉዕዞ ፈተና ክህሉ እዩ፥ ሰይጣን ዓለም ናታቶም ግደ ክጻወቱ እዮም ግን ምስ ኢየሱስ እንተ ተጎዓዝና ዝመጽአ ይምጻእ ዝወረደ ይውረድ ኣይክንደክምን ኢና ከምኡ ኣብ ሕይወትና ንኢየሱስ መን መ኷ኑ ክነለልዮ ኢና።

እመንትና ክነብሮ እንተ ኽኣልና ኵሉ ነገርና ብምልኡ ኣብ ኣምላኽ ክነረክብ እንተ ኽኣልና ነቲ ሓቀኛ ትርጉም ሕይወት ኢየሱስ ክንፈልጥን ክንርዳእን ኢና። ነዚ ርድኢት ምስ ሓዝና ነቲ ኢየሱስ ዝሓቶ "ንስኹምከ መን ትብሉኒ ዝብል" ክንምልሶ ክንክእል ኢና።

ዕለት ዕለት "ንስኻ/ንስኺ መን እዩ ትብለኒ ንዝብል መሊስና ክንክእል ኣሎና"።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ